## ህዝቅኤል 33

23 ከምዚ ዚብል ቃል፣ እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣
30 ኣታ ወዲ ሰብ፣ እቶም ደቂ ህዝብኻ ኣብ ጥቓ መንደቕን ኣብ ኣፍ ደጌታት ኣባይትን ኲይኖም ብዛዕባኻ ይዛራረቡ ኣለዉ፣
ንድሓሕዶም ነፍሲ ወከፍ ንሓዉ፣ እስከ ንዑናይ፣ ካብ እግዚኣብሄር ዚወጽእ ቃል እንታይ ከም ዝኾነ ስምዑ፣ ይባሃሀሉ
ኣለዉ።
31 ከም ኣመጻጽኣ ህዝቢ ድማ ኣባኻ ይመጹ፣ ከም ህዝበይ ከኣ ኣብ ቅድሜኻ ይቕመጡ፣ ቃላትካውን ይሰምዑ ኣለዉ፣
ግናኸ ኣይገብርዎን እዮም። ብኣፎም ፍቕሪ የርእዩ ኣለዉ፣ ልቦም ግና ደድሕሪ ረብሓ ርእሶም እዩ ዚኸይድ።
32 እምበኣርሲ ንስኻ ኸም ቅኔ ፍቕሪ፣ ከምቲ ጥዑም ድምጺ ዘለዎ፣ ምህራም መሰንቆ ኸኣ ዚኽእል ኲንካዮም። ቃልካውን
ይሰምዑ ኣለዉ፣ ግናኸ ኣይገብርዎን እዮም።
33 ምስ ዚመጽእ ግና፡- እንሆ፣ ይመጽእ ኣሎ፡- ሽዑ ነብዪ ኣብ ማእከሎም ከም ዝነበረ ኺፈልጡ እዮም።

## ዕብራውያን 3

12-13 ኣቱም ኣሕዋተየ፡ ሎሚ ኺብሃል ከሎ፡ ኣብ ጸጽባሕ ንሓድሕድኩም ተማዓዓዱ እምበር፡ ሓደ እኳ ኻባኻትኩም፡
ሓጢኣት እናዓሸዎ ኸይተርር እሞ፡ ምናልባሽ ኣብ ሓደ ኻባኻትኩም ካብ ህያው ኣምላኽ ዜርሕቕ እኩይ ዘይኣምን ልቢ
ኸይህሉ፡ ተጠንቀቑ።
14 ነታ መጀመርታ እሙንቶና ኽሳዕ መወዳእታ ኣጽኒዕና እንተ ሓዝናያስ፡ ተማቕልቲ ክርስቶስ ኴንና ኣሎና።

## ማቴዎስ 11

16 ነዚ ወለዶ እዚ እሞ ብምንታይ ክምስሎ እየ፧ ኣብ ዕዳጋ ተቐሚጦም ነዕሩኾም ዚጽውዑ ቈልዑ እዩ ዚመስል።
17 እሞ ዚብልዎም፡ እምብልታ ነፋሕናልኩም፡ ኣይሳዕሳዕኩምን፡ ኣልቀስናልኩም፡ ኣይበኼኹምን።
18 ዮሃንስ እንተ መጸ፡ ኣይበልዕ ኣይሰቲ፡ ጋኔን ኣለዎ፡ ይብሉ።
19 ወዲ ሰብ መጸ፡ ይበልዕ ይሰቲ፡ እንሆ በላዕን ሰታይ ወይንን ዓርኪ ተገውትን ሓጥኣንን፡ ይብሉ። ጥበብ ብደቃ ጸደቐት።
20 ድሕርዚ የሱስ ነተን ብዙሕ ሓይሊ ዝገበረለን ከተማታት ስለ ዘይተነሰሐ ኺነቕፈን ጀመረ፡
21 ወይለኺ ኰራዚን፡ ወይለኺ ቤተ-ሳይዳ፡ እዚ ኣባኻትክን እተገበረ ሓይሊ ኣብ ጢሮስን ኣብ ሲዶናን ተገይሩ እንተ
ዚኸውንሲ፡ ቀደም ማቕ ተኸዲነን፡ ሓሙኹስቲ ተነጺፈን ምተነስሓ ነይረን።
22 ብመዓልቲ ፍርዲ ግና ካባኻትክን ንጢሮስን ሲዶናን ከም ዚቐልል፡ እብለክን ኣሎኹ።
23 ኣቲ ቅፍርናሆም፡ ክሳዕ ሰማይዶ ልዕል ክትብሊ ኢኺ፧ ክሳዕ ሲኦልከስ ከተንከራርዊ ኢኺ። እዚ ኣባኺ እተገበረ
ግብርታት ሓይሊ ኣብ ሶዶም ተገይሩ እንተ ዚኸውንሲ፡ ክሳዕ ሎሚ ምጸንሔት ነይራ።
24 ብመዓልቲ ፍርዲ ግና ካባኺስ ንምድሪ ሶዶም ከም ዚቐልል፡ እብለኹም ኣሎኹ።